# ጻዕራምነት ሓደ ካብ ክብርታት ኤርትራዊያን

መርኣያ ጻዕራምነት ሕዝቢ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ተጸባዪ ረድኤት ምዃን ርእሰ'ኻ ብርእሰ'ኻ ም'ኽኣል ዝብል ኒሕ ኣበጊሱ ሓርኮትኮት ይብል ኣሎ። እዚ ርእሰ ተኣማንነት ንባዕሉ ፍርቂ ናይቲ ዓወት ኢዩ። ከመይስ ከምቲ ናይ ሽሕ ስጉምቲ ጉዕዞ ብሓደ ስጉምቲ ዝፍለም ንዝ'ኾነ ነገር ከኣ ክዕወት ኢየ እልካ ክትብገስ ከምዘለካ ኢዩ።

ቅድሚ ሕጂ ብኒሕን ሓቦን ዝተበገሱ ተግባራት እሞ ኣብ መፈጸምትኦም ዝበጽሑ ከም ኣብነት ንምጥቃስ ፈጺሙ ዓንዩ ዝነበረ ሕጂ ግን ዝሰርሕ ዘሎ መንገዲ ባቡር ኣስመራ ባጽዕ ክጥቀስ ይክኣል። እዚ ስራሕ እዚ፣ ሕጂ ተወዲኡ ኣብ መዓላ ምስ ወዓለ፣ ከም ቀልል ይርኤ ከይከውን እምበር ከም ግደ ሓቅስ ዝድነ'ቅ ስራሕ ኢዩ። መንገዲ ባቡር ምስራሕ ወይ ተሰረሑ ዝነበረ ግን ምዕራዩ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን። ኣብ ኤርትራ ግን ዝድነ'ቅ ስራሕ ኢዩ ክብሃል ከሎ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ነገራት ስለ ዘሎ ኢዩ። ንሰራሕተኛታት ይ'ኹን ንመሃንድሳት ከምኡ'ውን ንተ'ኾናተርቲ እንዳ'ኻፈልካ ይሰራሕ እንተዝብሃል ብቐዳምነት እቲ ዝ'ኽፈል ባጀት ኣሎ ድዩ? ኣብ ኤርትራ እሞ 'ሽኣ ኣብ ነውሕን ኣህላ'ኽን ውግእ ዝነበረት ሃገር ብመሰረቱ እቲ ባጀት የልቦን። እቲ ባጀት ስለዘየሎ ከኣ ብኡ መጠን ፕሮጀክትታት ከም ዝወጠንካዮን ከም ዝተመና'ኻዮን ክትፈጽም ኣይት'ኽእልን ኢ'ኻ። ስለዚ ኣብ ዘየሎ ባጀት ውጥናት ክተዔውት ም'ኽኣል በጀካ መርኣያ ጻዕራምነት ሕዝቢ ኤርትራ ካልእ ምስጢር ክህልዎ ኣይኮነን።

ርእሰ'ኻ ብርእሰ'ኻ ም'ኽኣል ዝብል ኣምር ንገልኡ ሃገርን ሕዝብን ሰብኣዊ ክብር'ኻ ምጉንጻፍ ክ'ሽውን ከሎ ንገልኦም ብሕብሪ ቆርቦቶም መን ከማና ዝብሉ ግን ተቐባልነት የብሉን። ሓደ ከም ኣብነት ክጠቅስ እንተ'ኾይኑ **ዶክቶር ሺን** ዝተባህለ ቀንዲ ጸላኢ ሕዝቢ ኤርትራ ዝ'ኾነ ቀደም ኢሉ ኤምባሲ ሃገረ ኣሜርካ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነብረ ኢዩ። እዚ ውልቀሰብ'ዚ ናይ ኤርትራ ርእሰ'ኻ ብርእሰ'ኻ ም'ኽኣል ጻዕሪ ኣይድግፍን ኢዩ። ሓደ ግዜ ኣብ ተወክልቲ ባይቶ ኣሜርካ ዝርከብዎም ብዛዕባ ሽግራትን መፍትሕኡን ሽግራት ቀርኒ ኣፍርቃ ከብርህ ከሎ ካብ ዝበሎ ምጥቃስ ይኣክል። ከምዚ ዝስዕብ ከኣ በለ "ኣሜርካ ከምቲ ንዓዓ ዝሰማምዓ ጌራ ነቲ ሽግር ቀርኒ ኣፍርቃ ክትፈትሖ ት'ኽእል ኢያ። ከመይሲ ኣብ ቀርኒ ኣፍርቃ ዝርከባ ሃገራት ተጸበይቲ ረዲኤት ኣሜርካ ስለዝ'ኾና እዚ ዓቢ ተራ ክጻወት ይ'ኽእል ኢዩ። እቲ ዝዓበየ ጸገም ከምቲ ድልየት ኣሜርካ ን'ሽይከውን ተሸግረና ኤርትራ ኢያ። ኤርትራ ካባና ረዲኤት ስለዘይትጽበይ ከምቲ ድልየትና 'ኽትኮነልና ኣይት'ኽእልን ኢያ" ዝበሎ ጥራሕ ምዝካር ይኣክል።

ብዛዕባ **ዶክቶር ሺን** ተጻባእነት ንኤርትራ ዘርዝርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። እቲ ቐንዲ ዓብይ ዕንወት ኣብ ኤርትራ ዘውረደሉ እዋን ግን ኣብ መንጎ 1995 ክሳብ 2002 ዝነበረ ግዜ ኤምባሲ ሃገረ ኣሜርካ ኣብ ኢትዮጵያ ዝንበረሉ እዋን ኢዩ። እዚ ውልቀሰብ'ዚ ባዕሉ ዝመርሖ ኣብ **ዓዲ ግራት** መራሕቲ ኣዘዝቲ ውግእ ወያኔ ዝተረ'ኽብሉ ዋዕላ ኢዩ። እቲ ቐንዲ መሃንዲስ ወራር ወያኔ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣብ 1998 ክሳብ 2000 ዝነበረ ግዜ ም'ዃኑ ኢዩ። ን**ዶክቶር ሺን** ዘይትወሓጠሉ ከኒና ጻዕራምነት ሕዝቢ ኤርትራ ኢያ።

ሕዝብን ሃገርን ኤርትራ ሰብ ሰርሖ ባሕርታት ኣብ ጋሽ ባርካ 'ኽፈጥሩ ከለዉ ካብዚ ንላዕሊ መርኣያ ጻዕራምነት የልቦን። ኣብዚ ከዛርብ ዘለዎ ከምዚ ናይ ብዓል ገርሰት፣ ፋንኮ ጽሙእ ዝኣመሳሰሉ ዕጹብ ድንቂ ዘብሉ ምህንድስና ስርሓት ቅድም ኢሉ ብኣፍሪቃዊያን ዝሕሰብን ዝትግበርን ዘይመስሎም ዝነበሩ ብዓል ምኩሓት ሕብሪ ቆርቦቶም ከም ኣብነት ክ'ሽውን ኡኳ ብማዕከናት ዜናኦም ኣየቃልሕዎን።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ንኤርትራን ሕዝባን ሒዙዋ ዘሎ ጻዕራምነት ሕዝቢ ኤርትራ ኢዩ። ቀጺሉ እዚ ጻዕራምነት'ዚ ከመይ ኢሉ እንዳተሸርሸረ ክጠፍእ ከምዝ'ኽእልን ኣብ መወዳእትኡ ከኣ ከመይ ኢሉ ስንፍና ከምዝነግስ፣ ህርኩትነት ከምዝለምስ፣ ኣብሉም ዕንወት ከመይ ኢሉ ይስዕብ ክንምልከት ኢና። ከምዚ ዓይነት ውድቀት ከየጋጥም ከኣ ብእዋኑ ም'ኽል'ኻል ከምዝክኣል ክንርኢ ኢና።

## *ምስ ዕደና ዝተተሓሓዘ ዝመጽእ ልምሰት ጻዕራምነት*

ሓንቲ ሃገር ኣብ ሕዝባ ዝውዕል ዕደናዊ ስርሓት ክተካይድ ንቡር ኢዩ። ሽሕ ኡኳ ዕደና ምስ ማዕድን ይኹን ካልእ ጸጋታት ሃገር ከም ጸሓያዊ ጸዓት፣ ንፋሳዊ ጸዓት፣ ቤንዝን፣ ዕንጨይትን ፈሓምን ዝኣመሳሰሉ እንዳጓሕጓካ ምጥቃም ዝክኣል ኡኳ እንተኾነ ኩሉ ግዜ ግን ዘይተኣደነ፣ ዘይውዳእ ማለት ኣይኮነን። ገልኡ ዕደና ዝውዳእ ገልኡ ከኣ ተተካኢ ኢዩ። ንኣብነት ቤንዝን ንሓንቲ ሃገር ከምጽኣላ ዝኽእል ናይ ንዋትን ጥረ ገንዘብን ሃብቲ ማእለያ የብሉን። እዚ ግን ንኹሉ ግዜ ቀጻሊ ኢዩ ማለት ኣይኮነን። ሓደ ግዜ መዓልቱ ሓልዩ ስለዝጽንቀቕ ወነንቲ ከምዚ ዓይነት ሃብቲ ኣብ ግምት የእትየን ይሰርሓሉ እየን። ኣብ ክንዲ ብቤንዝን ዝርከብ ኣታዊታት ኣብ ምሕሻሽን ዕንደራን ዝውዕል ብኣንጻሩ ኣብ ቀዋሚ ንብረትን ዝንቀሳቐስ ካፒታል እየን ዘዋፍርኦ።

እቲ ቀንዲ ጸገም ምስ ዕደና ዝመጽእ **ዳች ሲንድሮም** ተባሂሉ ዝፍለጥ ሕማም ናይ ጽግዕተኛ ምስ ኣታዊታት ናይ ዕደና ምዃን ኢዩ። እዚ ሽም ከመይ ኢሉ መጺኡ ምስ ምንታይ ጉዳይ ዝተተሓሓዘ ኢዩኸ ኣስዕብና ክንምልከት ኢና።

### ዳች ሲንድሮም

ደቂ ሰባት ብመሰረቱ ንዕለት እንጌርኦም ብርሃጾም ማእርሮም ክረኽቡ ኢዩ እቲ ናይ ተፈጥሮ ሕጊ ዝእዝዝ። እዚ ማለት ደቂ ሰባት ክጽዕሩን ክሰርሑን ኣለዎም ማለት ኢዩ። ንሓደ ሕዝቢ ካብ ምጽዓርን ምስራሕን ዘስንፎ ዘይተኣደነ ጸጋታት ማዕድን ክሕፈስ ኣብ ዝጅምረሉ እዋን ኢዩ። ከምዚ ዓይነት ጸገም ናይ ባዕሉ ኣጸዋውዓ ኣለዎ። **ብዳች ሲንድሮም** ከኣ ይፍለጥ። እዚ ኣጸዋውዓ ዝመጸ ድሕሪ **ኔዘርልናድስ** ኣብ መወዳእታ 50ታት መጀመርያ 60ታት ዝረኸበቶ ናይ ተፈጥሮ ጽጋታት ማዕድንን ስዒቡ ዘኸተሎ ጸገማትን ኢዩ። ደቂ **ኔዘርላንድስ** ኣቐዲሙ ብጻዕራምነቶምን ብስርሖምን ኣዚዮም ዝተመስገኑ ዝተደንቑን እዮም ኔሮም። ድሕሪ ዝተረኸበ ኣታዊታት ካብ ሽያጥ ጋዝ ግን ኣብ ክንዲ ሰርሕካ ኣታዊታት ምንዳይ ብቐሊሉ ገንዘብ ዝርከበሉ መንገድታት ሃሰው ምባል ጀመሩ። መብዛሕትኦም ደቂ **ኔዘርላንዲ** ብቐሊሉ ለቓሕን ካብ ምስ ጸጋታት ሃገር ዝተተሓሓዘ ዝርከብ ኣታዊታትን እንዳናደዩ ስራሕ ከጽልኦም ጀመረ። ኣብ ክንዲ ናብ ስራሕ ምጉያይ ናብ ዕረፍትን ዙሮትን ከድህቡ ጀመሩ።

እቲ ጻዕራምን ሰራሕተኛን ዝነበረ ሕዝቢ **ኔዘርላንዲ** ጽግዕተኛ ናይ ጋዝ ሽያጥ ኣታዊታት ኮይኑ ብስንፍና ተዋሒጡ ኣቋራጭ መንገዲ ናይ ምቕትን ምግያጽን ናብራ ክቋምት ጀመረ። ድሕሪ ግዜ ግን ምስ ምንቁልቋል ዕዳጋታት ናይቲ ተፎጥራዊ ጸጋታት ብኡኡ መጠን ከኣ ናብራ ደቂ **ኔዘርላንዲ** ክዘናባዕ ጀሚሩ። ብፍላይ እቲ ተፎጥራኣዊ ጸጋታት ኣብ ዝተጸንቀቐሉ እዋናት ርኡይ ቁጠባዊ ጸገማት ክቀላቕሉ ጀመሩ። እዝን ወዲ ኸምዝን ዝተዓዘበት ዓለም ናይ ደቂ **ኔዝርላንዲ** ጉዳይ ዓቢ ትምህርቲ ኮይኑዋ **ዳች ሲንድሮም** ዝብል መጸዊዒ ኣጠሚቓ ምስ ማዕድናት ዝተተሓሓዘ ኣታዊታት ጥንቃቐ ኽትገብር ጀምራ። ሓንቲ ኣብነታዊ ሃገር **ኖርወይ** ኢያ። ኣብ 70ታት ቤንዝን ምስ ተረኽበ ሕዝቢ **ኖርወይ** ኣብ ጀልባታትን መካይንን ምዕዳግ ክጓየይ ጀሚሩ ኔሩ። ኮይን ግን **ኖርወጃዊያን ዳች ሲንድሮም** ብምዝካር ተቓላጥፎም ነቲ ጌጋ ኣርሞሞ። ሕዝቢ ሰርሑ ክናበር ከምዘለዎ እቲ ካብ ቤንዝንን ጋዝን ዝርከብ ኣታዊታት ከኣ ነመጻኢ ወለዶ ዝኸውን ተቐማጢ ገንዘብን ኣብ ዓበይቲ ትሕተ ቅርጽታትን ህንጻታትን ከምዝውዕል ጌሮሞ። ሕዝቢ ግን ከም ቀደሙ ሸቂሉ ይበልዕ ኣሎ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ዓለም ብቑጠባዊ ሽግር ኣብ ትሕመሰሉ ዘላ እዋን ኖርወይ ሳላ ቅድም ኢላ ኣቐምጣቶ ዝጸንሐት ገንዘብ ካብኡ ብምውጻእ ነዚ ናይ ሎሚ ግዜ ቁጠባዊ ሽግር ብዘይጸገም ትሓልፎ ኣላ። እዝኤን ኩለን ፋብርካታት ይኹና ድርጅታት ኣብ **ኖርወይ** ሰራሕታኛታት ዘየባረራሉ ምኽንያት ሓደ እቲ ኣብ ድሓን ግዜ ዝተቐጠበ ገንዘብ ከም ድጎማ ስለዝተዋህበን ኢዩ።

### ማዕድናት ኤርትራን ኣጠቓቕምኡን

ኣብዚ ግዜ'ዚ መዛረቢ ኣርእስቲ ኮይኑ ዘሎ ማዕድናት ኤርትራ ኢዩ። ወርቂ፣ ብሩር፣ ንሓስ ዝኣመሳሰሉ ማዕድናት ወጺኦም ኣብ መዓላ ሃገርን ሕዝብን ክውዕሉ ምዃኖም ይዕለል ኢዩ። ኣብዚ ክልተ ዓበይቲ ኣርእስታት ከዛርብ የኽእል። ከም ርዱእ ኤርትራ ነዚ ተሰላስሎ ዘላ ምዕባሌታት ሓጋዚ ሮቛሒ ክኸውን

ዝኽእል ኣብዚ ግዜ'ዚ ሽያጥ ናይቲ ዝወጽእ ማዕድናት ዓበይቲ ማሽነርታት ብምዕዳግ ኣብ ክንዲ ብዙሕ ጉልበት ሰባትን ግዜን ምጥፋእ ብዝሰለጠን ብዝጸፈፈን ነቲ ምዕባለ ምቅልጣፍ ይክኣል ኢዩ። ብፍላይ ከኣ ቀንዲ ማሕነቕ ናይ ኤርትራ ምዕበለ ኮይኑ ዘሎ ዋጋ ቤንዝን ንኤርትራ ኸቃልለላ ይክኣል ኢዩ። ብተወሳኺ ኤርትራ ነቲኦም ቅድም ኢሉ ንሓርነታዊ ቃልሲ ዝተሰውኣዎም ቤተሰብ መደራጀዊ ከምኡ'ውን ኣብዚ ግዜ'ዚ ዕድሜኦምን ጉልቦቶምን ንኤርትራ ካብ ወራር ንምክልኻልን ኣብ ሕንጸት ሃገር ተዋፍሮም ዘለዉ መንእሰያት መጣየሲ ክኸውን ይኽእል። እዚ እቲ ሓደ ዓብይ ኣርእስቲ ኮይኑ ቅዱስ ተግባር ከም ምዃኑ መጠን ቀዳምነት ተዋሂብዎ ክስርሓሉ ዝግባእ'ውን ኢዩ።

እቲ ካልኣይ ዓብይ ኣርእስቲ ከኣ ካብ ሕጂ ኣጽፋሮም ኣብልሖም ነዚ ሃብቲ ሃገርን ሕዝብን ኽግሕጡ ኣድብዮም ዘለዉ ነጋዶ ዝምልከት ኢዩ። እዝኣቶም ከኣ እዮም እቲኦም ቐንዲ መበገስትን ተዋሳእትን ናዩዚ ቅድም ኢሉ ዝጠቐስናዮ ዳች ሲንድሮም ዝብሃል ሕማም። እዝኣቶም ሰራማት ኮይኖም ዘየምህዝዎን ዘይፍሕስዎን ተንኮላት የልቦን። ድሮ መደብ ኣውጺኦምስ ካፒታልን ንዋትን ኣድልዮም ናይ ተበገስ ምልክታ ጥራሕ እዮም ዝጽበዩ ዘለዉ። መብዛሕትኦም ነጋዶ እዮም። ቀልጥፎም እዮም ከኣ ዝህብትሙ። ይኽእልሉ እዮም። ከም ኣማኸርትን ተደናጋጽትን ኮይኖም እዮም ዝቐርቡ። ጨንፈራት ኣለዎም። ሰርሖም ከም ኣውፈርቲ ኮይኖም ይቐርቡ'ሞ ተገልብጦም ህልም ዝበሉ ነጋዶ ይኾኑ። ለቓሕ ኣዋፈርትን ንምሕሻሽ ኣተባባዕትን እዮም። ካብ ሕጂ ንንየወ ሽግር የልቦን ሃየ ከም ድላይካ እንዳተለቃሕኻ ምግያጽ ኢዩ እንዳበሉ ንሕዝቢ ኣብ ዘይተደላዩ ለቓሕ ዝጠብሱ ጉጅለታት እዮም። ካብዚኦም ረኺሳን ዝኾኑ ሱሱዓት ነጋዶ ጥንቃቑ ከድሊ ኢዩ።

ሕዝቢ ኤርትራ ከም ቀደሙ ብኣፈ ጽምኡ እምበር ብኣቋራጭ ሃብቲ ናይ ምድላብ ዝንባሌ ከየማዕብል ካብ ሕጂ ጥንቃቐታት ክውሰድ ኣለዎ። ካብ ሕጂ ነቲኦም ቀንዲ ኣውፈርቲ ማለት ካፒታሎምን ፍልጠቶምን ኣብ ኣፍራይነት ዝተተሓሓዘ ስርሓት ጥራሕ ዝነጥፉ ኣለሊኻ ነዝኣቶም ጥራሕ ምትብባዕን ከም ዝሰርሑ ምፍቃድን የድሊ። ምስ ኣፍራይነት ዘይተተሓሓዘ ወፍሪ ብኣጋኡ ክቑጸይ ኣለዎ። ብፍላይ ምስ ማዕድናት ዝተተሓሓዘ ወፍሪ ኣፍራይነቱ ተራእዩ ጥራሕ ኽፈቀደሎም ይግባእ። ንኣብነት ካብቲ ማዕድናት ዝርከብ ተረፍ ውጽኢት ሓደ ኣውፉራይ ነዚ ኣመስርሔ ኣብ ከምዚ መዓላ ከውዕሎ ኽብል ከሎ ክሳብ ኣፍራይ ዝኾነ ኽፈቀደሉ ይግባእ። ካልእ ምስ'ዚ ዝተተሓሓዘ ኣብ ሽያጥን ዕድግን ዝምልከት ኣብ ኤርትራ ኣዚዩ ኽድፍኣሉ ዘለዎ ኣሰራርሓ ዝኾነ ሽያጥን ዕድግን ብግልጺ ጨረታ ክኸውን ከምዘለዎ ኢዩ። እዚ ንምንታይ ይሕግዝ ነዚኦም ቅድም ኢልና ዝጠቐስናዮም ስሱዓት ነጋዶ ዕድል ንምኽላእ ኢዩ። እዝኣቶም ከምዚ ፓራሳይት እንድዮም ጸረ ፓራሳይት ምድላው ከድሊ ኢዩ።

ኣብ መወዳእታ ክብሃል ዝክኣል ክሳብ ሕጂ ኣተሓሕዛ መንግስቲ ኤርትራ ንማዕድን ብዝምልከት ዝንኣድ ኢዩ። ኮይኑ ግን ጸኒሑ ምዝናይን ምዝንጋዕን ከይመጽእ ብፍላይ ዳች ሲንድሮም ኣብ ግምት ብምእታው ጻዕራምነት ህዝቢ ኤርትራ ከይጠፍእ ካብ ሕጂ ብዕቱብ ክስርሓሉ እላቦ።

ተጻሓፊ

ብተስፋሚካኤል ዮሃንስ

ኦስሎ ኖርወይ